# ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ

## ERITREAN ORTHODOX TEWAHDO CHURCH

## መንፈሳዊ ዕብየት!!!

ደብረ-ሰላም መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስቲያን ዋሽንግቶን ዲሲ

መበል 16 ዓመታዊ ጉባኤ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ

**ብቀሲስ ሓለፎም ዓንደማርያም**

**24--27 ሓምለ 2014 ኣ.ፈ**

# መንፈሳዊ ዕብየት



“እቲ ሕንጻ ብምልኡ ዝተቐደሰ ቤት መቕደስ ምእንቲ ክኸውን ብጎይታ እናተኣሳሰረ ይዓቢ። ኤፌ 2፡21

# ዕብየት

- ኣካላዊ ዕብየት፥
- ሥነ-ኣእምሮኣዊ ዕብየት፥
- ቁጠባዊ ዕብየት፥
- መንፈሳዊ ዕብየት፥
- ወዘተ ........
- ዝተወልደ ክዓቢ፥ ዝተዘርአ ክፍሪ፥ ዝኾነ ሕይወት ዘለዎ ለውጢ ክርኢ ንቡርን ቅቡልን እዩ።

# መለለዩ መንፈሳዊ ዕብየት

- እምነት ➔ ሮሜ 10፡17
- ተኣዛዝነት ➔ ኢሳ 1፡19
- ትሕትና ➔ ሉቃ 5፡8
- ቅድስና ➔ 1ጴጥ 1፡16
- ትዕግሥቲ ➔ ያዕ 5፡11
- ልባዊ ፍቕሪ ➔ ማቴ 22፡37

# ንዓቢዶ ኣሎና?

- ክቡር ኃወይ፥ ክብርቲ ኃፍተይ➔ፍቑራት ህዝበ-ክርስቲያን እሞ ንሕናኸ ንዓቢዶ ኣሎና?

➔ ክንደይ ግዜ ኣብ ቤት ኣምላኽ ተመላሊስና? እንታይ ለውጢኸ ኣብ ሕይወትና ኣምጺእና?

- ክብሪ ሰብዶ ክብሪ ኣምላኽ የብህገና ?
- ምድራዊዶ ሰማያዊ ዝያዳ የሕስበና ?
- ከነፍቅርዶ ክንፍቀር የሐጉሰና ?
- ክንህብዶ ክንወሃብ የዕግበና ?
- ወትሩ ክንሰምዕዶ ዝሰማዕናዮ ክንገብር ንጽዕር ኣሎና?

# ኣብነት ናይ መንፈሳዊ ዕብየት

- ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ➔ ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ። ሉቃ 2፡51
- ነቢይ ሳሙኤል➔ ሳሙኤል እቲ ቆልዓ ኸኣ እናዓበየ ኸደ፥ ብእግዚኣብሔርም ሰብን ድማ ፍትዊ ነበረ 1ሳሙ 2፡26
- ጳውሎስ ➔ ሰዓቱን ኣሳርን ኣንጻር ክርስቶስ ዝነበረ፥ ኣብ ሰማዕትነት ብፅዕናን ቅድስናን ደረጃ በጽሐ። 2ጢሞ 4፡7,8

# መንፈሳዊ ዕብየት ከነርኢ ዝሕግዙና

- መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብ። መዝ 1:1
- ምጽላይ። ኤር 33:3
- ሠናይ ግብሪ ምዝውታር። ሉቃ 10:25-37
- ግዜኻ ብግቡእ ምጥቃም።
- ኣብነት ቅዱሳን ሰባት ምኽታል።
- ቃልካ ሓለፉ መማህራነይ ኣለበመኒ መዝ 119:72, 98,101

- ከምቲ ሰብ ከይበለዐን ከይሰተየን ክዓቢ ዘይክእል፥ ዝኾነ ክርስቲያን ብግቡእ ቃል ኣምላኽ እንተዘይተመጊቡ ክዓቢ ኣይክእልን።
- ምኽንያቱ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ። ማቴ 4:4

# መንፈሳዊ ዕብየት ዘርኢ ኣማኒ

- ሠናይ ፍረ ይፈሪ፡ ፍሬኡ ድማ ነባሪ ይኸውን። ዮሓ 15፡16
- ከም ኣብ ጽቡቕ ግራት ዝበቖለ፡ 30፥60፥ 100 ይፈሪ።ማቴ 28፡29
- ብደግኡ እናማህመነ ብውሽጡ ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ።2ቆሮ 4፡16
- ኣእምሮኡ፥ ኣእጋሩ፥ ኣእዳዉ፥ ኣፉ፥ ዓይኑ፥ እዝኑ ይገትእ።
- ፍረ ክትፈርዩን ፍረኹምውን ነባሪ ክኸውን ሓረኹኹም።
- ፍረ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወቱ የንጸባርቕ። ገላ 5:22
- ንዝበደልዎ ይቕረታ፥ ንዝረገምዎ ምርቓ፥ ንዝጸልእዎ ፍቕሪ፥
- ብፍቕሪ ሓቂ እናተዛረብና ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ። ኤፌ 4፡15

# መንፈሳዊ ዕብየት ዘየርኢ ኣማኒ

- ዕብየት ዘየርኢ ኩሉ ከቢድ ሕማምን ዓቢ ክሳራን እዩ።
- ግዜኡ ብኸንቱ የባኽን። ንዓለም ምፍቃር ንኣምላኽ ምጽላእ እዩ። ያዕ 4:4
- ሕማቕ ዕርክነት የዘውትር። 1ቆሮ 15:33
- ሥጋዊ፥ ዓለማዊ ኃጢኣት የብዝሕ። ገላ 5:19
- ዝተዋህቦ ሕድሪ የጥፍእ። (ወርቂ ኅይትኡ ይሓብእ)
- ህያው ተባሂሉ ይስመ ግናኸ ምዉት እዩ።ራዮሓ 3:1
- ብሰሮም እቲ መገዲ ሓቂ ይጽረፍ። 1ጴጥ 2:2

# መዛዘሚ

- ሕደራኹም፥ በጃኹም፥ ንዕበ!!!
- ናብ መኣዲ እግዚኣብሔር ንቕረብ፥ ኣብ ሓደ ክፍሊ ኣይንእረግ።
- ነቲ ሕጉ ለይትን መዓልትን ዘስተንትኖ ሰብ ከምታ በብእዋኑ ፍሬኣ እትህብ፥ ቆጽላ ዘይነቅጽ፥ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም እዩ። መዝ 1፡2-3
- ኵላቶም ሓደ መንፈሳዊ መግቢ በልዑ። 1ቆሮ 10፡3
- ስለዚ ኣብ እምነት ሕያውነት፥ ፍልጠት፥ ምግታእ ርእስኻ፥ ዓቕሊ፥ መንፈሳውነት ..... ወስኹ። 2ጴጥ 1፡5
- ሕጂ ድማ ነተን ዝዓበያ ውህበታት ደኣ ጸዓቱ። 1ቆሮ 12፡31
- ብጸጋን ብፍልጠትን ጎ.ኢ.ክ ደኣ ዕበዩ። 2ጴጥ 3፡18
- ንርእስኻ ግና ብመንፈሳዊ ሕይወት ክትነብር ተላመድ። 1ጢሞ 4፡7
- ንሓረስታይ ዕብየት ዘራእቱን ጥሪቱን ከም ዘሐጉሶ፥ ንኣምላኽ ድማ ኣብ ሕይወትና መንፈሳዊ ለውጥን ፍረን ክነርኢ ከሎና የሐጉሶ እዩ።
- **ልዑል እግዚኣብሔር ብበረኸትን መገዲ ሕይወትን ክንዓቢ ጸጋኡ**
- **የብዝሓልና!!!**



# ሰማዕትነት፥ ምእንቲ ሃይማኖት !!!

ንእሱራት ከም መኣስርቶም ኳንኩም ...... ዘክርዎም። ዕብ 13፡2

- ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ
- ኣባ ኣምኃ
- ኣባ መልከ-ጼደቅ
- ኣባ ሃይለሚካኤል
- ኣባ ተኽለሃይማኖት
- ቀሺ ገብረመድኅን
- ቀሺ ፍጹም
- ቀሺ ተኽለኣብ
- መሪጌታ ይትባረክ
- ስሞም ዘይተጠቕሱ ኩሎም እሱራት።

# ሰማዕትነት፥ ምእንቲ ሃይማኖት!!!

- ኣባ ተወልደብርሃን
- መምህር ዓምደብርሃን
- መጋቤ ምሥጢር መብራህቱ
- ስምም ዘይተጠቐሱ ኩሎም ዝዓረፉ።